መቖጸልታ ናይቲ ውሳኔ ምሕንጻጽ ዶብ ብዝምልከት ንሎሚ ካብቲ ምዕራፍ 2 ናይቲ ውሳኔ ሓደ ሓደ ዓንቀጻት ክንምልከት ኢና። ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ምዕራፋት፤ ካርታታት ተመልከት ይብል ኢዩ። እዚ ማለት ግን ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ዘይኮነስ ኣብቲ ናይቲ ውሳኔ ምሉእ መጽሓፍ ዘሎ ተመልከት ማለት ኢዩ። ይኹን እምበር ኣብ መጻኢ ጽሑፋት እቲ ካርታታን ምዕራፋትን ክግለጽ ኢዩ።

1) <u>*መወዳእታ ነቑጣታት ዶብ*</u>

2.17 እቲ ዶብ ካብ ጠረፍ ሱዳን ብሸነኽ ምዕራብ ጀሚሩ፣ ኣብ ጠረፍ ጂቡቲ ብሸነኽ ምብራቕ ይውድእ። ኣብ ክልቲኡ መወዳእታ ነቑጣ ስሉሳዊ ነቑጣ ተባሂሉ ዝፍለጥ ኣብ መንጎ ሰለስተ ሃገራት ኣሎ።

2.18 እቲ ስሉሳዊ ነቑጣ ብሸነኽ ምዕራብ ዘሎ ብውዕል 1902 ዝተገልጸ ኣብ ኮር ኦምሓጀር (ነቑጣ 2) ዘሎ ኢዩ። ይኹን እምበር እዚ ስሉሳዊ ነቑጣ'ዚ ብስምምዕ ኢትዮጵያ፣ ኤርትራ(ግዝኣት ጣልያን) ከምኡ'ውን ሱዳን(ግዝኣት ኢንግሊዝ) ናብ ነቑጣ ኩር ርያን ምስ ሰቲት (ነቑጣ 1) ተሰጋጊሩ ኢዩ። እዛ ዝተሰጋገረት ቦታ'ዚኣ ሓጻር መንገዲ ኮይና ንምዕ ራብ ካብ ኮር ኦምሓጀር ኢያ።

2.19 እቲ ስሉሳዊ ነቑጣ ብሸነኽ ምብራቕ ፍጹም ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ ኣይፈልጥን። ካብ ሕጂ ንንየው ግን ድሕር'ዚ ምሕንጻጽ ዶብ እቲ ስሉሳዊ ነቑጣ ኣብቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምስ ጂቡቲ ዝራኸባሉ (ነቑጣ 41) ክኸውን ኢዩ።

2) <u>*እቲ ሰለስቲኡ ክፋላት ዶብ።*</u>

2.20 እቲ ዶብ ኣብ ሰለስተ ክፋላት ይኽፈል። ሰለስቲኡ ከኣ ርእሱ ዝኸኣለ ውዕላት ኣለዎ። እቲ ምዕራባዊ ክፋል ብውዕል 1902 ይፍለጥ፣ ("ውዕል 1902" ኣብ ምዕራፍ 5 ተመልከት)። እቲ ማእከላይ ክፋል ድማ ብውዕል 1900 ይፍለጥ፣ ("ውዕል 1900" ኣብ ምዕራፍ 4 ተመልከት)። እቲ ምብራቓዊ ክፋል ከኣ ብውዕል 1908 ይፍለጥ፣ ("ውዕል 1908" ምዕራፍ 6 ተመልከት)። እቲ ውዕላት ብፍጹም ኣብ መሬት ኣይተተግበረን።

3) <u>*ምዕራባዊ ክፋል ዶብ።*</u>

2.21 እዚ ክፋል'ዚ ብቐንዱ ኣካል ውዕል 1900 ናይቲ ማእከላይ ክፋል ኢዩ ኔሩ። እንተኾነ ብ1902 ርእሱ ዝኸኣለ ውዕል ኮይኑ ተፈሪሙ (ካርታ 2 ገጽ 14 ተመልከት)። እዚ ውዕ ል'ዚ ብሰለስተ ቛንቛታት ኢዩ ተጻሒፉ። ሰለስቲኡ ቛንቛታት ከኣ ዕላዊ ኢዩ። ኣምሓርኛ፣ ኢንግሊዝኛ፣ ከምኡ'ውን ጣልያንኛ። ሰለስቲኡ ጽሑፋት ዝሕብሮ እቲ ዶብ ንምብራቕ ገጹ፣ ንፈለግ ሰቲት ተኸቲሉ ክኸይድ ጸኒሑ ኣብ መንጎ ሓደ ፍሉጥ ፈለግ ይጽምበሮ። በቲ ኢንግሊዝኛን ጣልያንኛን ጽሑፋት እቲ ፈለግ ማይተብ ተባሂሉ ይጽዋዕ። በቲ ኣምሓርኛ ጽሑፍ ከኣ ማይቴን ተባሂሉ ተመዝጊቡ ጸኒሑ። እዚ ፍልልይ ኣጸዋውዓ'ዚ ኣብ መንጎ ኣምሓርኛን እቲ ካልእ ቛንቛታትን ሓደ ካብቲ ኣሸጋሪ ናይቲ ጉዳይ ዝነበረ ኢዩ። ሐደ ፈለግ ማይተብ ዝብሃል ምስ ስቲት ኣብ ነቑጣ 3 (ካርታ 3 ገጽ 14 ተመልከት) ኣስታት 20 ኪሎ ሜተር ንሸነኽ ምብራቕ ካብ ኮር ኦምሓጀር (ነቑጣ 2) ይጽምበር። ካልእ ፈለግ ንሰቲት ዝጽምበር ኣስታት 89 ኪሎ ሜተር ንሸነኽ ምብራቕ ካብ ኮር ኦምሓጀር ብማይተበ/ማተብ (ነቑጣ 4) ዝፍለጥ'ውን ኣሎ። ኣብ ሐደ ሐደ ካርታታት ከኣ ካልእ ፈለግ ንሰቲት ኣስታት 25 ኪሎ ሜተር ንምብራቕ ርሒቑ ኢሉ ብማይቴን ዝፍለጥ (ነቑጣ 8) ይጽምበር። ንሰቲት ዝጽምበር ፈለግ፣ ነቲ ዶብ ዝፈሊ፣ ሓንሳብ

ብኽልቲኦም ወገናት ምስተለለየ ብድሕሪኡ ብሓፈሻኡ እቲ ዶብ ንሰሜናዊ ምብራቕ ትኽ ኢሉ ምስ መራኸቢ መረብ ምስ ማይ ኣንበሳ (ነቑጣ 9) ይጽምበር። ይኹን እምበር ኢትዮጵያ ከምትብሎ እቲ ዶብ መጀመርያ ናብቲ መበገሲ ናይ ማይተብ ኢዩ ዝኸይድ። ቀጺሉ ካብኡ ብቐጥታ መስመር ንሰሜናዊ ምብራቕ ይኸይድ።

2.22 ሽሕ'ኳ ዓቢ ፍልልያት እንተሎ ኣብ መንጎ ዝተፈላለየ ካርታታት ብዛዕባ'ዚ ዶብ ናይ ሰቲት፣ ብዝኾነ ይኹን፣ ኣንፈት ናይቲ ፈለግ ካብቲ ምዕራባዊ መወዳእታ ነቑጣ ብሓፈሻ ካብ ምዕራባዊ ንምብራቓዊ ወገን ኢዩ ዘመልክት። ይኹን እምበር ኣስታት 37° 04' ዝንግርር፣ ሓደ ነዊሕ ንሰሜን ገጹ ዘመልክት መንጉድ ወይ ከኣ ጠዋይ ቅርጺ ናይቲ ፈለግ ዝርጋሔኡ ክሳብ 37° 26' ዝበጽሕ ኣሎ። ካብኡ ኣብ ተመሳሳሊ ማእገር ማለት'ዩ እቲ ጠዋይ ቅርጺ ዝጅምረሉ መስመር ናይቲ ፈለግ ንደቡባዊ ምብራቕ ገጹ ኢዩ ዝቕጽል።

2.23 ኣብ መንጎ እቲ ምዕራባዊ መወዳእታ (ነቑጣ 1 ኣስታት 36° 34' ምብራቕ ዝንግርር) ከምኡ'ውን 37° 40' ምብራቕ ዝንግርር፣ ሽንኽ የማናይ ደንደስ ናይ ፈለግ ሰቲት ዝጽምበሩ ዝተፈላለዩ ኣፍላጋት ኣለዉ። ካብኣቶም ንኣብነት ከም ማይተብ (ነቑጣ 3)፣ ሲቶና (ነቑጣ 4)፣ ሚተብ (ነቑጣ 5)፣ ቶምሳ (ነቑጣ 6)፣ ከምኡ'ውን ማይቴን (ነቑጣ 8) ይርከብዎም። እቲ ነቑጣታት ናይ'ዞም ኣፍላጋት ንሰቲት ዝጽምበርዎ ኣብቲ ቅድም ግዜ ዝስኣል ዝነበረ ካርታታት ይፈላለ ኔሩ ኢዩ። ድሒሩ ግን ብካርቶግራፊክ ኣቀራርባ ንኣስታት 90 ዓመታት ዝኸውን ተመሳሳሊ ቅርጺ ኔርዎ። ንኣብነት ፈለግ ሚተብ ኣብቲ ናይ 1894 ካርታ ብሓፈሻኡ ንሽንኽ ምብራቕ ካብቲ ድሒሩ ዝስኣል ዝነበረ ካርታታት የመልክት። ግን ኣብዚ ካርታ'ዚ ንኣብነት ማይተብ ኣይተመልከተን ኔሩ። ኣብ ናይ 1900 ንድፊ ሕንጻጽ ድማ ሕጽር ዝበለ ዝርገሔ ናይ ሰቲት እንደገና ሚተብ ብተቐራረቢ መጠን ተገሊጹ ኣሎ። ኣብ ድሒሩ ዝወጸ ካርታታት ንኣብነት ናይ 1902፣ 1913፣ ከምኡ'ውን 1922 ክልቲኡ ኣፍላጋት ማለት ማይተብ (ንምዕራብ) ሽንኽ ሚተብ ከኣ (ንምብራቕ) ሽንኽ ኣሎ።

2.24 ኣየናዮም ፈለግ ምስ ሰቲት ከምዝጽምበር ምስተፈልጠ ብድሕሪኡ እቲ ዶብ ካብቲ ነቑጣ ተጠውዩ ንሰሜናዊ ምብራቕ ዝኸይድ ዶብ ንምፍላጥ ውዕል 1902 ከምኡ'ውን ተግባራዊ ዝኾነ ዓለምለኻዊ ሕግታት ብምውካስ ክውሰን ኢዩ። እዚ ከኣ ቀጺሉ ኣብ ምዕራፍ 5 ክቐርብ ኢዩ።

4) <u>ማእከላይ ክፋል ዶብ።</u>

2.25 ሓንሳብ እቲ ዶብ ኣብ መረብ (ነቕጣ 9) ምስ በጽሔ ቀጺሉ ብውዕል 1900 ኢዩ ዝውሰን። እቲ ዶብ ንምብራቕ ገጹ ፈለግ መረብ ተኸቲሉ (ፈለግ መረብ ንምዕራብ ገጹ ኢዩ ዝውሕዝ እቲ ዶብ ግን ንምብራቕ የመልክት) ኣብ (ነቑጣ 11) ምስ በጽሐ ካልእ ፈለግ ካብ ምብራቕ ገጹ ዝመጽእ ብበለሳ ዝፍለጥ ይጽምበር። ብድሒርኡ ገለ ናይ መሬት ቦታ ሰጊርካ ምስ ሓደ ፈለግ ንምብራቕ ገጹ ዝውሕዝ ፈለግ ሙና ዝተባህለ ይራኸብ። በዚ ከኣ ኢዩ ውዕል 1900 ብ“መረብ-በለሳ-ሙና”[2] ዝፍለጥ። ክልቲኦም ሰብ

---

[2] እቲ ክፋል ናይ ውዕል 1900 መስመር ካብ ቶማት ብቶዱሉክ ጌሩ ናብ መረብ ዝጽምበር ብተግባራዊ ዝኾነ ምኽንያት ክንጸግ ይክኣል ኢዩ። ምኽንያቱ ብውዕል 1902 መሰረት እቲ ውክሳ ነዚ ክፋል'ዚ ውድቂ ብምግባር ኣብ ክንዲኡ ብመስመር ናብ መረብ ብሰቲትን ማይተብን ኣቢሉ ዝጽምበር ከምዚ ቅድም ኢሉ ዝተጠቕሰ ተተኪኡ ኢዩ። ናይዚ ኮምሽን ዕማም ነቲ ብ“መረብ-በለሳ-ሙና” ዝፍለጥ መስመር ንምልላይ ጥራሕ ኢዩ።

ነገር በዚ ኣጸዋውዓ'ዚ ዘሰሓሕብ የብሎምን። እቲ ቀንዲ ዘሰሓሕቦም ግን ኣየናይ ኢዩ እቲ በለሳ ኣየናይከ ኢዩ እቲ ሙና ዝብል ኢዩ።

2.26 ከምዝፍለጥ እዚ ናይ 1900 መስመር ምስኡ ዝተተሓሐዘ ቅዳሕ ካርታ ከም ጥብቆ ኣሎ። ነዚ ካርታ'ዚ፣ ምስቲ ውዕል ከም "ጥብቆ" ዝተተሓሓዘ፣ ክልቲኦም ወገናት ከም ርእየታዊ ወይ ከኣ ሕንጻጻዊ መግለጺ ናይቲ ትሕዝቶ ኮይኑ ልክዕ ከምቲ ውዕል ተቐባልነት ከምዘለዎ የረጋግጹ። እምብኣር ከም ርዱእ ነቲ ሕንጻጽ ንምስኣል ኣቐዲምካ ነዚ ካርታ'ዚ ምርኣይ ከምዘድሊ ትጽቢት ይግበረሉ። እቲ ሽግር ናይዚ ካርታ'ዚ ብንኡስ መጠን 1፥1,000,000 ስለዝተሳእለ ምስቲ ትሕዝቶ ናይቲ ቅርጺ-መሬት ኣብ ዘመናዊ ካርታ ዘሎ ዘየሳኒ ምዃኑ ኢዩ።

2.27 ይኹን እምበር፣ ኤርትራ፣ ነቲ ካርታ ከም ብቑዕ መምርሒ ነዚ ኮምሽን ነቲ ዘከራኽር ዘሎ ናይ መረብ-በለሳ-ሙና ፈልዩ ንኽፈልጥ ከምዝሕግዞ ትኣምን። ካብዚ ብምብጋስ፣ ኤርትራ ከምትብሎ፣ እቲ ጨንፈር በለሳ፣ እዚ ውዕል ካርታ ዝሕብሮ፣ ዘርእዮ ከም ብምድራዊ ኣካል ምስ ሙና ዝተሓሓዝ ኮይኑ፣ እቲ ምዕራብዊ ወገን ዘሎ ጨንፈር ናይቲ ፈልግ ግን ከም ኣብቲ ናይ 1894 ካርታ መሰረት ናይቲ ውዕል ካርታ ዝኾነ ተገሊጹ ዘሎ ኢዩ። ካብዚ ቀጺሉ እቲ መስመር ተጠውዩ ንደቡብ ገጹ ከይዱ ንፈለግ በለሳ ገዲፉ ብሐደ ስሙ ዘይተፈልጠ ንእሽቶይ ወሓዚ ከይዱ ዳርጋ ንምብራቓዊ ገጹ ብልዕሊ ማይ-ኪየ ሓሊፉ ንፈለግ ሙና ንላዕሊ ገጹ ንሸነኽ ምብራቕ (ነቑጣ 20) ይበጽሕ። ብድሕሪኡ ዳርጋ ብሓርፋፍ ኣገላልጻ ንምብራቓዊ ሸነኽ እንዳተጓዓዘ ምስ ኢንዳሊ ኣብ ማሶላ (ነቑጣ 27) ይበጽሕ ትብል።

2.28 ብኣንጻሩ ኣረኣእያ ኢትዮጵያ ብዛዕባ'ዚ ውዕል 1900 ፍልይ ዝበለ ኢዩ። ሰለስተ ርእይቶታት ዝሓቖፈ ከኣ ኢዩ።

2.29 እቲ ቀዳማይ ርእይቶ ኢትዮጵያ፣ እቲ ኣበሃህላ መረብ-በለሳ-ሙና ክብሃል ከሎ ብግብራዊ ምምሕዳራዊ ግዝኣታት ነጸብራቕ ኢዩ ትብል። እዚ ከኣ ኣብ መንጎ ወረዳ ኣከለጉዛይ ኣብ ትሕቲ ጣልያን ቁጽጽር ዝነበረን ብደቡብ ሸነኽ ከኣ ወረዳ ዓጋመ ኣብ ትሕቲ ሓበሻ ምምሕዳር ዝነበረ ዝፈልይ ዶብ ኢዩ ትብል። ስለዚ ካብዚ ብምብጋስ ኢትዮጵያ ከምትብሎ፣ እዚ ኮምሽን ስርሑ ብጆኦግራፍያዊ መሰረት ጌሩ ነቲ ውዕል መረብ-በለሳ-ሙና ዝብል ኣምር ከተርጉምን ከተግብርን ዘይኮነስ ነቲ ክውን ዝኾነ ፍልልይ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ መንጎ ኣከለጉዛይን ዓጋምን ዝነበረ ንምውሳን ኢዩ።

2.30 እቲ ካልኣይ ርእይቶ ኢትዮጵያ ከኣ እቲ ካርታ ከም ጥብቆ ምስ ውዕል 1900 ዝቐረበ ምስ ዘመናዊ ካርታ ብሳታላይት ዝተሳእለ ክነጻጸር ከሎ ብልክዕ ነዚ ዘሎ ጆኦግራፍካዊ ትሕዝቶ መሬት ኣየንጸበራቕን ኢዩ። ብፍላይ ኣሰያይማ ኣፍሊጋት ኣብቲ ከም ጥብቆ ዝቐረበ ካርታ ምስ ዘመናዊ ካርታ ክነጻጸር ከሎ ኣይቃዶን ኢዩ ትብል።

ዝኽሪ ንሰማእታትና

ተስፋሚካኤል ዮሃንስ
ኦስሎ ኖርወይ